# ጥቕስታት ካብ ጠቐስቲ ንልቦና እንታይ ከይብለና ፰ይ ክፋል

- ሓሶት ንሓቂ ዘሸትታ ክሳብ ንፋስ ሓቂ ዝነፍስ ጥራይ እዩ።

- ንዝሓለፈ ሕደጎ ደኣ'ምበር ፈጺምካ ኣይትረስዓዮ።

- ሰብ ንከባቢኡ ባዕሉ ክፈጥሮ እንከሎ እንስሳታት ግን ንከባቢኦም ይለማመድዎ እዮም።

- ወዲ'ቕካ ናይ ምትሳእ ዓቕሚ ምውናን ውሕስነት ዓወት እዩ።

- ብንእሽቶ'ኻ ዘንበርካዩ እምኒ ኣብ እርጋንካ ከይትዕንቅፈካ ብኣጋ እለያ።

- ፍቕሪ ሃገር ማለት ፍቅሪ ሰቡን ባህሉን ማለት እዩ ካልእ ኣይኮነን።

- እግር'ኻ ሃበኒ ክኃየሉ ካብ ምባል በቲ ትዉንኖ እግር'ኻ ሰለይ ምባል ልመድ።

- ክብሪ ወዲ ሰብ ርእይትኡ ዘይኮነስ ተግባራዊ ልቦን'ዩ።

- ካብ ናብ ብጥርሙስ ዝሰራሕካዮ ገዛ'ኻ ኣእማን ምድርባይ ዝዓቢ መርትዖ ጽላለ የለን።

- ስእነት ብምጽወታ ዘይኮነ ብሓያል ስራሕ ዝዉገድ ኩነት እዩ።

ዓንደመስቀል ክንፈ ኤስሊንገን(ጀርመን) ይቕጽል!